ናይ መጎዓዝያ ኔትዎርክ ትካል **(TNC)**

ኣብ ናይ ዋሽንግተን ስቴት ማእኸላይ ደምዎዝ ሕጊ ናይ መኪና ገናሕቲ መሰል ምልክታ

እዚ ምልክታ ናይ ዋሽንግተን ስቴት ናይ *TNC* ገናሕቲ መኪና ኣብ ትሕቲ *RCW 49.46.300* ዘለዎም ምልክታ ንምሕባር እዩ። ከም ገናሒ መኪና ናይ መጎዓዝያ ኔትዎርክ እቲ ትካል ብስማርት ፎን ወይ ኦንላይን ዌብ ፖርታል፡ እንተነኣደሰ በዞም ዝስዕቡ ቋንቋታት ናይ ገናሒ መኪና መሰል ምልክታ ከከፋፍል ኣለዎ፡ ኢንግሊዝኛ፡ ስፓኒሽ፡ ቻይንኛ፡ ቪትናሚስ፡ ሩስያና ኮርያ

ትሑት ናይ ካሕሳ መጠን

ካብ ጃንዋሪ 1 2026 ጀሚሩ ከም ገናሒ መኪና TNC ንሕድሕድ ጉዕዞ ወይ መጠን ጉዕዞ መሰረት ብምግባር እንተነኣሰ ኣብ ታሕቲ ብዝተገለፀ መልክዑ ክኸፍለካ ይግባእ።

2026 ውሑድ ናይ ገናሕቲ መጠን ንሕድሕድ ዝከፋፈል ጉዕዞ	ኣብ ሲያትል ጀሚሮምን ኣብ ካልእ ቦታ ዝውድኡ ጉዕዞታት፡ ዝለዓለ፡	ካብ ሲያትል ወፃኢ ጀሚሮም ካብ ሲያትል ወፃኢ ዝውድኡ፡ ዝለዓለ፡	ጉዕዞ ዝጅመረ ወፃኢ ሲያትልን ኣብ ውሽጢ ሲያትል ዝውዳእ፡ ዝለዓለ፡ ብምድምር፡	
ንሕድሕድ ግምገማ ፕላትፎርም ንኹሉ ተተሳፋራይ ፕላትፎርም ካብ ዝጅምር	$0.70	$0.40	$0.70 ኣብ ውሽጢ ሲያትል ንዝትግበሩ ናይ ተሳተፍቲ ፕላትፎርም ምትግባር	$0.40 ካብ ሲያትል ወፃኢ ንዝትግበሩ ናይ ተሳተፍቲ ፕላትፎርም ምትግባር
ብተወሳኺ	ብተወሳኺ	ብተወሳኺ	ብተወሳኺ	ብተወሳኺ
ብሕድሕድ ፕላትፎርም ማይል ንሕድሕድ ተሳፋሪ ፕላትፎርም መሰረት ገናሒመኪና ዝገንሖ	$1.63	$1.38	$1.63 ኣብ ውሽጢ ሲያትል ንዝትግበሩ ናይ ተሳተፍቲ ፕላትፎርም ማይሌጅ ምትግባር	$1.38 ካብ ሲያትል ወፃኢ ንዝትግበሩ ናይ ተሳተፍቲ ፕላትፎርም ማይሌጅ ምትግባር
ወይ	ወይ	ወይ	ወይ	
ዝተሓተ ብሕድሕድ ደዝተፈነወ ጉዕዞ	$6.12	$3.55	$6.12	

መዘኻኸሪ፡ ናይ ሲያትል መጠን ክፍሊት ድማ ኣብ ዋሽግተን ስቴት ዘለው 600,000 በዝሒ ህዝቢ ንላዕሊ ዘለዎም ተፈፃሚ ይኸውን። ካብ ዲሰምበር 2025, ጀሚሩ ኣብ ዋሽግተን ናይ ሲያትል 600,000 በዝሒ ህዝቢ ንላዕሊ ዘለዋ እንትኸውን እቲ ሕጊ ድማ ንልዑል መጠን ክፍሊት ንዘለዎም ይምልከት።

ራይድ ምክፋል

TNC ነቲ እቲ ተጉዓዚ ፈለማ ናብቲ መኪና ክኣትው ከሎን እቲ ተሳፋራይ ክወርድ ከሎ ሓዊሱ ነቲ ሓበራዊ ጉዕዞ ከም ሓደ ጉዕዞ ይርእይዎ። ኣብ እዋን እቲ ጉዕዞ ተወሳኺ ተሳፋራይ ምስፋርን/ምውራድ ከም ካልእ ዝተፈለየ ጉዕዞ ኣይሕሰብን፣ እንተኾነ ግና ነቲ ጉዕዞ ኣየናይ ዝተሓተ መጠን ከም ዝትግበር ይውስን። TNC ኣብ ዝኾነ ሓበራዊ ጉዕዞ ክፋል ዝለዓለ ማእኸላይ መጠን ክትግበር ኣለዎ።

እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ዝተላለዩ ሓበራዊ ጉዕዞ ኩነታት ዝገልፁ እዮም።

ኣብነት 1፡ ካብ ስያትል ወፃኢ ናይ ሓባር ጉዕዞ ትጅምር፡ ኣብ ውሽጢ ሲያትል ተወሳኺ ሰብ ተሳፍር ካብ ሲያትል ወፃኢ ድማ ተሳፈርቲ ተውርድ።

TNC ኣብ ውሽጢ ከተማ ሰብ ስለዘሳፈርካ ንኹሉ ናይ ሓባር ጉዕዞ ናይ ሲያትል መጠን ክኽፍለካ ኣለዎ።

ኣብነት 2፡ ካብ ሲያትል ወፃኢ ናይ ሓባር ጉዕዞ ትጅምር ካብ ሲያትል ወፃኢ ተወሳኺ ሰብ ተሳፍር ነቲ ናይ መወዳእታ ተሳፋራይ ድማ ኣብ ውሽጢ ሲያትል ትወርድ።

TNC ካብ ሲያትል ወጻኢ ንዝዘወርካዮም ደቓይቕን ማይላትን ካብ ሲያትል ወጻኢ ዝኾኑ ዋጋታትን ኣብ ውሽጢ ሲያትል ንዝዘወርካዮም ደቓይቕን ማይላትን ድማ ናይ ሲያትል ዋጋታት ክኸፍለካ ኣለዎ። እቲ ዝተሓተ ዋጋታት ናይቲ ናይ ሓባር ጉዕዞ፡ ውህደት ናይቲ ካብ ሲያትል ወጻኢ ኣብ ዘለኻሉ ደረጃታት፡ ኣብ ውሽጢ ሲያትል ኣብ ዘለኻሉ እዋን ድማ ናይ ሲያትል ደረጃታት እዩ። TNC ወይ እቲ ዝተዋሃህደ ዋጋ ወይ ናይ ሲያትል ንነፍሲ ወከፍ ዝተላእከ መገሻ ዝተሓተ ክኸፍለካ ኣለዎ፣ ኣየናይ ይዓቢ።

ኣብነት 3፡ ካብ ሲያትል ወጻኢ ናይ ሓባር ጉዕዞ ትጅምር፡ ካብ ሲያትል ወጻኢ ድማ ተወሳኺ ቲክኣፕ ትገብር። ኣብ መንገዲ ናብቲ መውረዲ ቦታታት ብሲያትል ትሓልፍ ግን ዝኾነ ተሳፋራይ ክትወስድ ወይ ከተውርድ ደው ኣይትብልን። ነቲ ናይ ሓባር ውድድር ካብ ሲያትል ወጻኢ ኢኻ ትውድኦ።

TNC ነቲ ናይ ሓባር ምዝዋር ካብ ሲያትል ወጻኢ ዝኾነ ዋጋ ክኸፍለካ ኣለዎ። እቲ ናይ ሓባር ጉዕዞ ኣብ ውሽጢ ከተማ ንዝግበር ምውሳድ ወይ ምውራድ ንዋጋታት ሲያትል ዝድርኽ ኣይነበረን።

ቲፕ

ንሓደ ገናሒ መኪና ዝኽፈል ቲፕ ናብ ገናሒ መኪና ካሕሳ መለክዒ ክካተት ይኽእል እዩ። ኩሎም ካብ ተሳፋሪ ዝርከቡ ቲፕታት ኣብ ዝተወሰነ ክፍሊት ግዘ ክኽፈል ኣለዎ። TNC ብሕጊ ተዘይተፈቐዱ ወይ ብወለንታዊ ምንካይ ፈቓድ እንተዘይኮይኑ ካብ ቲፕ ክንክይ ኣይክእልን።

ኤሌትሮኒክ ቅብሊትን ሰሙናዊ ምልክታ

ምስ ወፀ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት TNC ኤሌትሮኒክ ቅብሊት ክህበካ ኣለዎ፣ እዚ ድማ ብፋይል ወይ PDF መልክዕ ቅዲ ንሕድሕድ ሰብ ፍሉይ ናይ መንገዲ ወይ ክፋል ናይቲ መገሻ ዘለዎ ሰደቓ ንሕድሕድ ተመዝገብቲ ኣብ ቅብሊት መገሻ ወይ ክፋል መገሻ ዝሓዘ እዩ። ኤሌትሮኒክ ቅብሊት ንሕድሕድ ጉዕዞ ወይ ትሪፕ እዞም ዝስዕቡ መረዳእታት ኣይተማይዝ ክግበር ኣለዎ፡

- ኣጠቓላሊ ናይ ተሳፈርቲ ፕላትፎርም ሰዓት
- ብናይ ተሳፈርቲ መድረኽ ግዜ ዝተዘወረ ጠቕላላ ማይል
- ተፈፃሚ ዝኸውን መጠን፡ ብደቒቕ ዋጋ፡ ኣብ ሓደ ማል ደረጃ፡ ካብ ተሳፈርቲ ክፍሊት ሚእታዊ ከምኡ ድማ ዝኾነ ተገማባራዊ ዝኾነ ዋጋ መባዝሒ ወይ ተለዋዋጢ ዋጋ ፖሊሲ ኣብ ተግባር ዝወዓለ ጂኦግራያዊ ኣቀማምጣ ዝተመርኮሰ ተለዋዋጢ ደረጃታት የካትት ካብ 1 ሓምለ 2026 ጀሚሩ፣ ኤለክትሮኒካዊ ቅብሊት፣ ኣብ ጉዕዞ ዝተመርኮሰ፣ ብቕጥታ ካብ ሓደ ጉዕዞ ዝተረኽበ፣ ኣብ ክንዲ ዝኾነ ሓፈሻዊ ናይ ጉዕዞ ንጥፈት፣ ንተሸከርካሪ ዝተኸፍለ ገንዘባዊ ሞተባብዒ፣ ቅብሊት፣ ወይ ጉርሻ ክዝርዝር ኣለዎ።
- ካብ ዝተበገሰሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ንተሳፈርት ዝኽፈል ዝኾነ ናይ ቲፕ ካሕሳ
- ድምር ክፍሊት
- ድሕሪ ምንካይ፣ ክፍሊት፣ ተወሳኺ ክፍሊትተ፣ ናይ ክራይ ክፍሊት ወይ ካልእ ክፍሊት ዝተፃረየ ክፍሊት
- ዝኾነ ድምር፡ ክፍሊት፡ ኮሚሽን፡ ናይ ሊዝ ክፍሊትን ካልኦት ክፍሊታት ዝተነከየ ወይ ክፍሊት
- ንሕድሕድ ጉዕዞ እቲ ዕለትን ሰዓት ፍሬም ምቕማጥ
- ንሕድሕድ መገሻ ሕድሕድ ክፋል ናይ ሓደ ጉዕዞ ተሳተፍቲ ምውራድን ምውሳድን ቦታታት ከምቲ ብጎዳና፡ ከተማና ግዝኣትን እቲ ተሳፋሪ መውድን ምውራድ (እቲ ተሳፋራይ ትሕ ዕድመ እንተኾይኑ ዝግለፅ)።

ሓፈሻዊ ሓበሬታ

ካብ 1 ሓምለ 2026 ጀሚሩ TNC፣ ኣብ ዝሓለፈ 24 ኣዋርሕ ንዝገበሮ ኩሉ ጉዕዞታት ብዝምልከት፣ ካብ ናይ ጉዕዞ ቅብሊት ዝተረኽበ ሓበሬታ ዝሓዘ፣ ክወርድ ዝኽእል መዝገብ፣ ንናይ መራሕ መኪና ክፉት ክገብሮ ኣለዎ። እቲ መዝገብ ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ኣለዎ፡-

- ብኮማ ዝተፈለዩ ዋጋታት ወይ ብPDF ፋይል ከም ኣብነት ኣብ ሓደ ዝተኣከበ፣ ክድህሰስን ክወርድን ዝኽእል ቅርጺ ክቕርብ ኣለዎ።
- ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ናይ ስራሕ መዓልታት ካብቲ እቲ መራሕ መኪና ነቲ መዝገብ ዝሓተተሉ ዕለት ጀሚሩ ክወርድ ይከኣል።
- ንነፍሲ ወከፍ ጉዕዞ ዝምልከቱ መስመራት ዝሓዘ ሰሌዳ፣ ንነፍሲ ወከፍ ኣብ ናይ ጉዕዞ ቅብሊት ዝተመዝገበ ዝርዝር ኣሃዝ ዝምልከቱ ዓምዲታት ዝሓዘ እዩ።

እንተነኣሰ ብሰሙን ሓደ ግዘ TNC ኣብ ሕድሕድ ትሪፕ እዞም ዝስዕቡ መረዳእታት ዘካተተ ዳውንሎድ ክግበር ዝኽእል ናይ ፅሑፍ ምልክታ ክቕርብ ኣለዎ፡

- ኣጠቓለሊ ናይ ተሳፈርቲ ፕላትፎርም፡
- ብናይ ተሳፈርቲ መድረኽ ግዜ ዝተዘወረ ጠቕላላ ማይል

- ቅድሚ ሰሙን ካብ ተሳፈርቲ ዝርከብ ኣጠቓላሊ መከሓሓሲ ቲፕ ብዕለትን ወይ ብመጠን ክቕመጥ ኣለዎ
- ኣጠቓላሊ ክፍሊት፡ ብደቒቓ ዘለዎ መጠን፡ ብማየል ዘለዎ መጠን፡ ከምኡ ድማ እዚ ክፍሊት ንምስላሕ ዝኾነ ካልእ ሜላ እዚ ድማ ንመሰረታዊ ክፍሊት፣ ናይ ተጻዓዝቲ ክፍሊት ሚእታዊት፣ ወይ ዝኾነ ዝምልከቶ ናይ ዋጋ ማልያ ወይ ተለዋዋጢ ናይ ዋጋ ፖሊሲ ንጉዕዞ ዝምልከቶ ይኹን። ካብ 1 ሓምለ 2026 ጀሚሩ፣ እዚ ነቲ ኣብ መድረኽ ምስ ዝኾነ ንጥፈታት ናይ'ቲ መራሒ መኪና ዝተተሓሓዘ፣ ንመራሒ መኪና ዝወሃብ ገንዘባዊ መተባብዒ፣ ዕብየት፣ ወይ ጉርሻ የጠቓልል።
- ድሕሪ ምንካይ፣ ክፍሊት፣ ተወሳኺ ክፍሊትተ፣ ናይ ክራይ ክፍሊት ወይ ካልእ ክፍሊት ዝተፃረየ ክፍሊት
- ኣብ ዝሓለፉ 365 ናይ ስራሕ መዓልትታት ዝተካየደ ኣጠቓላሊ ናይ ተሳፈርቲ ፕላትፎርም ተወሳኺ ክፍሊት፡ ኮሚሽ፡ ክፍሊት ሊዝን ካልእ ክፍሊት ክራይን ዋዊሱ ምንካይ ብነጥቢ ምቕማጥ።

ናይ ክፍሊት ግዘ

TNC ስሩዕ ዝኾነ እንተነኣሰ በክኽልተ ሰሙን ናይ ክፍሊት መደብ ከውፅእ ኣለዎ። TNC በቲ ካሕሳ፡ ቲፕን ካሕሳን ዝግብኣካ ክፍሊት እቲ ናይ ክፍሊት እዋን ምስ ተዛዘመ እንተነኣሰ ኣብ 10 ናይ ስራሕ መዓልትታት ክኽፍለካ ኣለዎ።

ወለንታ ምንካይ

ብሕጊ እንተዘይተገዲድካ፡ TNC ካሕሳ ክቁረፅ ዝኽእል ነቲ ምጉዳል ብፅሑፍ ብግልፂ ምስ ዝፈቕደልካ ኣቐዲምካ እንተገገይርካን ከምኡ ድማ ንሕጋዊ ዕላማ እንተውዒልካ እዩ፡ ፡ ብወለንታውነት ምጉዳል ኣብ ሕድሕድ ጉዕዞ ዝርኽቦ ኣታዊ ካብቲ ኣብ ምዕራፍ 49.46 RCW ንተዛመድቲ ሕግታት ዝተቐመጠ ዝተሓተ ናይ ካሕሳ ረቋሕታት ከጉዱሎ ይኽእል።

ንምስኣን ወይ ምቁራፅ ምንካይ የለን

TNC ኣብ ልዕሊ መጎዓዝያ ኔትዎርክ መሳርሕታት፡ ሶፍትዌር፡ ናይ ኣእምሮ ንብረት ወይ ዘይጭበጥ ንብረት ዝወርድ ዕንወት ወይ ኪሳራ ካብ ካሕሳኻ ክቕረፅ ኣይክእልን።

ዝተኸፈለ ናይ ሕማም እዋን

ካብ ጃንዋሪ 1 2023 ጀሚካ ገናሒ መኪና ብምኪንካ TNC መጠን ንሕድሕድ 40 ሰዓታት ናይ ተሳፈርቲ ፕላትፎርም ዝሰርሓሉ እዋን እንተነነኣሰ ሓደ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ምእካብ ትጅምር።።ኣብ TNC ፕላትፎርም 90 ሰዓት ምስ ኣከብካ ዝተኣከበ ዝረኽብካዮ ናይ ሕማም ግዘ ክትጥቀም ትኽእል።

ካብቲኣከብካዮናይ ሕማምክፍሊትሰዓት እንተነኣሰኣርባዕተሰዓት ንክትጥቀም ክፍቀደልካኣለዎ።

ንሕድሕድ ዝተኸፈለ ክፍሊት ዝወሃቦ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ዝስላሕ ብማእኸላይ ናይ ካሕሳ ሰዓት መጠን እዩ።

ክፍሊት ዘለዎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ይወሃብ፡

- ብምኽንያት ኣእምሯዊ ወይ ኣካላዊ ሕማም ጉድኣት ወይ ኩነታት ጥዕና ናይቲ ገናሒ መኪና ዝመፅእ ዘይምህላው፤ እቲ ገናሒ መኪና ንሕክምናዊ መርመራ፡ ክንክን ወይ ሕክምናናይኣእምሯዊ ወይ ኣካላዊሕማም፡ መጉዳእቲ ወይ ኩነታትጥዕና ዘለዎ ድልየትንምትእንዳድ ወይ ድማ ሓደገናሒመኪና ንመከላኸሊ ክንክን ዘድልዮ እንተኾይኑ
- እቲ ገናሒ መኪና ንኣእምሮ ወይ ኣካላዊ ሕማም ዘለዎ ሰብ፣ ዝተጎድአ ወይ ኩነታት ሕክምና ንምሃብ፤ ናይ ሕክምና ምርመራ፣ ሕክምና ወይ ኣካላዊ ሕማም፣ ጉድኣት ወይ ኩነታት ጥዕና ወይ ክንክን ጥዕና ክረክብ ዘድልዮ ሰብ
- ብዝኾነ ምስ ጥዕና ዝተተሓሓዙ ምኽንያታት ናይቲ ህፃን ቤት ትምህርቲ ወይ መከናኸኒ ቦታ እንተድኣ ተዓፅዩ
- ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ትሕቲ RCW 49.76.030ዘቤታዊ ዕረፍቲ ክረክብ መሰል ዘለዎ ንዘይምውፃእ
- ኣብዚ ናይ ምግዳፍ ከይዲ እቲ ምቁራፅ ወይ ኩነታት ብሰንኪ ተረጋገፀ ክሲ ፆታዊ መጥቃዕቲ ወይ ብገናሒ መኪና ዝተፈፀመ ኣካላዊ መጥቃዕቲ እንተዘይኮይኑ።
- እቲ መራሒ መኪና ነቲ መራሒ መኪና ወይ ኣባል ስድራቤት መራሒ መኪና ዝምልከቶ ዝኾነ ይኹን ናይ ፍትሒ ወይ ምምሕዳራዊ ናይ ኢሚግረሽን መስርሕ ክዳሎ ወይ ክሳተፍ ንምፍቃድ እዩ።

እቲ ዝሓተትካዮ ዝተኸፈለ ናይ ሕማም ግዜ ክፍሊት ድሕሪ እቲ ሕቶ ኣብ 14 ናይ ስራሕ መዓልትታት ወይ ኣብቲ ዝቅፅል ስሩዕ መደብ ዝግበረሉ ዕለት ካሕሳ ክትረክብ ኣለካ።

TNC ብውሑዱ 2% ካብ ማሕበረሰብ ገናሕ መኪና ዝውክል ብዝኾነ ቋንቋ ኣብ ዝርከብ ስርዓት ዝኽፈል ናይ ሕማም ግዜኻ ክትሓትትን ክትጥቀመሉን ክፈቕደልጃ ኣለዎ፡ ፡ እቲ ሲስተም ብስማርት ኣፕሊኬሽን ኦንላይን ዌብ ፖርታል ክቕርበልኩም ኣለዎ።

TNC ኣብ ዘይተጠቕምካሉ ዝተኸፈለ ናይ ሕማም ግዜ ክሳብ 40 ሰዓታት ናብ ዝቕፅል ናይ ስራሕ ሰዓት ክትሰግሮ ክፈቕልካ ኣለዎ። ዘይተጠቕምካሉ ዝረኽብካዮ ዝኽፈል ናይ ሕማም ግዘ ናብ ዝቕፅል ዓመት እንተ ሰኒርካዮ ኣብ ቀፃሊ ዓመት ካብ ትረኽቦ ዝተኸፈለ ናይ ሕማም ግዜ ኣብ ርእሲ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተኣከባ ዝሓለፈ ክኽውን ኣለዎ፡ ፡

ቅድሚ ምሕታትካ ኣብ ዝ90 ናይ ስራሕ መዓልትታት ን TNC ፕላትፎርም ከም ገናሒ መኪና እንተተጠቒምካሉ ዝረኽብካዮ ዝኽፈል ናይ ሕማም እዋንናይ ምጥቃም መሰል ኣለካ።

TNC ብዝኾነ ይኹን ናይ ዝተሓተ ደሞዝ ሕጊ መሰላት ምጥቃም ከምኡ ድማ ክፍሊት ዘለዎ ናይ ሕማም ግዘ መሰላትካ ንኣጠቓቕማ ኔትዎርክ መዛግዝያ ብኣሉታ ዝኾነ ስጉምቲ ኣብ ልዕሌኻ ክውሰድ ኣይክእልን እዩ።

ኽልከላ ሕነ ምፍዳይ

TNC ካብዞም ዝስዕቡ ሓዊሱ ናይ ደምዎዝ ሕጊ መሰልካ እንተድኣ ተጠቒምካ ኣብ ልዕሌኻ ሕነ ክፈድዩ ኣይክእሉን፡

- ናይ ካሕሳ፡ ቲፕን ክፍሊት ዘለዎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ መሰላትካ ምጥቃም
- ንሰራሕተኛታትን ኢንዱስትርን ክፍሊ ጥርዓን ወይ ክሲ ምእታው
- ናይ ገናሒቲ መኪና ማእኸል ምጥቃም

TNC ምዕራፍ 49.46. ዘሎ መሰልካ ብምጥቃምካ ሒሳብካ ምቁራፅ፡ ሒሳብካ ንከይትረክብ ምዕገት፡ ናይ ክፍሊት ደረጃኻ ምንካይ ወይ ካልኦት ናይ ካሕሳ ዕድላት ዝኣመሰሉ መሰላት ናይ ምዕገት ስጉምቲ ክወስድ ኣይክእልን።

TNC ንዝተፈቀደ ናይ ሕማም ግዘ ክፍሊት ኣፍልጦ ዝህብ ፖሊሲ ክህልዎ ኣይክእልን፤ እዚ ድማ ናብ ዝኺነ ናይ ሒሳብ ምዕፃው ወይ ካልእ ኣሉታዊ ስጉምቲ ኣብ ልዕሌኻ ከስዕብ ይኽእል እዩ።

ጥርዓን ምእታው

ከም ገናሒ መኪና፡ እቲ ናይ መዛግዝያ ኔትዎርክ ትካል ናይ RCW 49.46 ወይ እዞም ዝስዕቡ ብዝምልከት ተተሓሓዝቲ ሕግታት መለክዒ እንተድኣ ጥሒሱ ኣብ ናይ ስራሕን ኢንዱስትሪን ክፈፍሊ ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰል ኣለካ።

- ካሕሳ
- ዝተኽፈለ ናይ ሕማም እዋን
- ምኽርታት
- ርክብ

ኣብ ናይ ሰራሕተኛታት ኢንዱስትሪ ናይ ገናሕቲ መኪና:-

- ኦንላይን: lni.wa.gov/tncdrivers
- ኣብ ቀረባኹም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት L&I ምብጻሕ ግበሩ
- ኣብ ከባቢኻ ናብ ዝርከብ ናይ ሰራሕተኛታትን ኢንዱስትሪ ቤት (L&I) ፅሕፈት ጎብንይ

ናይ ገናሕቲ መኪና ማእኸል

መላእ ስቴት ዝርከብ ናይ ገናሕቲ መኪና ማእኸል ገናሕቲ መኪና ናይ ይግባይ ከይዲ ኣብ ምቁራፅቀን ካልኦት ንገናሕቲ መኪና ነቕርቦም ጥቅምታት ደገፍ ይገብር። ናይ ምውፃእ ሕቶ ወይ ስግኣት ዘለዎም ገናሕቲ መኪና ንማእኸል ገናሕቲ መኪና ክረኽቡይኽእሉ።

ኢ-ሜይል support@driversunionwa.org

ቴሌፎን፡- (206) 812-0829

አድራሻ: 14675 Interurban Ave. South, Suite 201, Tukwila, Washington 98168

ዋሽንግተን ስቴት ናይ ሰራሕተኛን ኢንዱስትሪ ክፍሊ

ናይ ዋሽግተን ስቴት ናይ ሰራሕተኛታትን ኢንዱስትርን ቤት ፅሕፈት ናይ መዛግዝያ ኔትዎርክ ትካል ገናሒ መኪና ብምኪንካ ብዛዕባ ዘለካ መሰላት ቴክኒካዊ ደገፍ፣ በራሪ ወረቐት፣ ፖስተርን ካልኦት ትምህርታዊ ፍልፍላት ብናፃ የቕርብ።

መርበብ ባይታ፡ lni.wa.gov/tncdrivers

ኢ-ሜይል:- tncdriversupport@lni.wa.gov

ቴሌፎን፡- (360) 902-5316

ረኣይ ናይ ሰራሕተኛታትን ኢንዱስትሪ ቤት (L&I) ፅሕፈት ኣድራሻ

ብመሰረት RCW 49.46.300(7) ከምኡ ድማ WAC 296-128-99110(2) እቲ ናይ መዛግዝያኔትዎርክትካል ነዚ ናይ መሰል ምልክታ ናሙና ተበፃሒ ብዝኾነ መንገዲንመዛግዝያ ትካላት ክህብይኽእል እዩ።